**Essex County Council**
**ቤት ምኽሪ ኣውራጃ ኢሲክስ**

# Dual Language Phrases for School
# ንቤት ትምህርቲ ዜገልግል ሓረግ-ቃላት ክልተ ቛንቋታት

## English/ ትግርኛ (Tigrinya)

Hello and welcome to Essex. This booklet has everyday words, phrases and sentences that will help you at school.
ሰላም፣ እንቋዕ ናብ ኢሲክስ ብደሓን መጻእኩም። እዚ ንኡስ-መጽሓፍ'ዚ፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝሕግዘኩም ኣብ መዓልታዊ ህይወትኩም እትጥቀምሉ ቃላት፡ ሓረግ-ቃላትን ምሉእ ሓሳባትን ዚሓዘ እዩ።

You can use this booklet with other pupils, your teachers, school staff and your new friends.
ነዚ ንኡስ-መጽሓፍ'ዚ፡ ምስ ካልኦት ተማሃሮ፡ መምሃራንኩም፡ ሰራሕተኛታት ቤት ትምህርትን ሓደስቲ መሓዙትኩምን ክትጥቀሙሉ ትኽእሉ ኢኹም።

Don't worry about trying to talk in English straightaway. You need to listen first.
ብእንግሊዝኛ ብቐጥታ ንኽትዘራረቡ ክትፍትኑ ኢልኩም ክትሸገሩ እኳ እንተዘይብልኩም፡ ፈለማ ግን ክትሰምዑ የድልየኩም እዩ።

Contents ትሕዝቶ

1. Introduction to the school ኣብ ቤት ትምህርቲ እትጥቀሙሉ መእተዊ

2. Family ስድራቤት

3. Your Education እትወስድዎ ትምህርቲ

4. School Routines ልሙድ ንጥፈታት ቤት ትምህርቲ

5. Asking for Help ሓገዝ ምሕታት

6. Question Words መሕተቲ ቃላት

7. Using a Dictionary or the Internet ኣጠቓቕማ መዝገበ-ቃላት ወይ ኢንተርነት

8. Classroom Instructions ኣብ መምሃሪ-ክፍሊ እትኽተልዎ መምርሒታት

9. Homework ዕዮ ገዛ

10. School Trips and Visits ጉዕዞታትን ምብጻሓትን ቤት ትምህርቲ

11. School Holidays በዓላት ቤት ትምህርቲ

12. Feelings ስምዒታት

13. Websites for Learning English እንግሊዝኛ እትምሃርሉ መርበባት-ሓበሬታ

**Introduction to the School- ኣብ ቤት ትምህርቲ እትጥቀሙሉ መእተዊ**

- Hello
  ሰላም

- How are you?
  ከመይ ኣለኻ / ኣለኺ?

- What is your name?
  ስምካ / ስምኪ መን ይብሃል?

- My name is ........
  ስመይ፡ ...... ይብሃል።

- This is..........
  ኣነ፡ ......... ይብሃል።

- How old are you?
  ዕድሜኻ / ዕድሜኺ ክንደይ እዩ?

- I am ............years old.
  ዕድመይ፡ ............ ዓመት እዩ።

- I am your teacher.
  መምህርካ / መምህርኪ እየ።

- This is your buddy.
  ኣነ፡ ዓርክኻ / ዓርክኺ እየ።

- Come here.
  ናብዚ ንዓ / ንዒ።

- Please sit down.
  ብኽብረትካ/ኪ ኮፍ በል/በሊ።

- Come with me. I will show you the school.
  ምሳይ ንዓ/ንዒ። ነዚ ቤት ትምህርቲ ክርእየካ/ኪ እየ።

- This is the hall.
  እዚ፣ መአከቢ ኣዳራሽ እዩ።

- This is the toilet.
  እዚ፣ ዓይኒ-ምድሪ እዩ።

- This is the school office.
  እዚ፣ ቤት ጽሕፈት ቤት ትምህርቲ እዩ።

- If you get lost, come to the school office.
  ቦታ እንተጠፊእካ/ኪ ድማ ናብዚ ቤት ጽሕፈት ቤት ትምህርቲ ምጻእ/ምጺ።

- This is where you put your coat.
  እዚ፣ ንጁባኻ/ኺ እተቐምጠሉ/ሉ ቦታ እዩ።

- This is the library.
  እዚ፣ ቤት ንባብ እዩ።

- This is the playground.
  እዚ፣ መጻወቲ ሜዳ እዩ።

- This is the sports hall.
  እዚ፣ ኣዳራሽ ስፖርት እዩ።

- This is your classroom.
  እዚ፣ መምሃሪ ክፍልኻ/ኺ እዩ።

- It is lunchtime.
  ግዜ ምሳሕ እዩ።

- This is where you go for lunch.
  እዚ፣ ምሳሕ እትበልዓሉ/እትበልዕሉ ቦታ እዩ።

- It is assembly time.
  ሕጂ፣ ግዜ ኣኼባ እዩ።

- We have to go into the hall.
  ናብ መእከቢ ኣዳራሽ ኽንከይድ ኣሎና።

- It is time to go home.
  ናብ ገዛ እንኸደሉ ግዜ እዩ።

- Thank you.
  የቐንየለይ።

- Please.
  ብኽብረትካ/ኪ።

- Goodbye
  ድሓን ኩን/ኩኒ

# Family- ስድራቤት

| | | | | |
|---|---|---|---|---|
| mother<br>ኣደ | father<br>ኣቦ | sister<br>ሓብቲ | brother<br>ሓው | aunt<br>ኣሞ/ሓትን/ሰይቲ ሓወቦ/ ሰይቲ ኣኮ |
| uncle<br>ሓወቦ/ኣኮ/ሰብኣይ ኣሞ/ ሰብኣይ ሓትነ | cousin<br>ወዲ ሓወቦ/ ወዲ ኣኮ/ ወዲ ኣሞ/ ወዲ ሓትነ | grandmother<br>እኖ ሓጐ | grandfather<br>ኣቦ ሓጐ | |

- Which languages do you speak?
  እትዛረቦ/እትዛረብዮ ቋንቋታት ኣየኖት እዮም?

- Where do you come from?
  ካበይ ሃገር መጺእካ/ኪ?

- Does anyone in your family speak English?
  ካብ ስድራኻ/ኺ እንግሊዝኛ ዚዛረብ ሰብ ኣሎ'ዶ?

- What's your address?
  ኣድራሻኻ/ኺ ኣበይ እዩ?

- Who brings you to school?
  ናብ ቤት ትምህርቲ መን የምጽኣካ/ኪ?

- Who do you go home with?
  ናብ ገዛ ምስ መን ትኸይድ/ትኸዲ?

- How do you get to school?
  ናብ ቤት ትምህርቲ ብኸመይ ኣገባብ ትመጽእ/ትመጺ?

- I can speak……………
  …………… ክዛረብ ይኽእል።

- I come from………….
  ካብ ………… መጺኤ።

- I am an only child.
  ኣነ፡ የሕዋት ዘይብለይ እንኮ ውላድ እየ።

- I have…….sister and ……brother.
  …… ሓብትን …… ሓውን ኣሎኒ።

- My ……….. can speak English.
  ……….. እንግሊዝኛ ኺዛረብ/ክትዛረብ ይኽእል/ትኽእል እዩ/እያ።

- My address is…………………
  ኣድራሻይ፡ ………………… እዩ።

- My ……. brings me to school.
  ……፡ ናብ ቤት ትምህርቲ የምጽኣኒ/ተምጽኣኒ።

- I go home with my ………
  ምስ ……… ናብ ገዛ ይኸይድ።

- I go home on my own.
  ናብ ገዛ ባዕለይ ይኸይድ።

- I walk to school.
  ናብ ቤት ትምህርቲ ብእግረይ ይኸይድ።

- I come by bus
  ብኣውቶቡስ ይመጽእ።

- I come by car.
  ብማኪናይ ይመጽእ።

- I come by bike.
  ብብሽክለታ ይመጽእ።

- I come to school on my own.
  ናብ ቤት ትምህርቲ ባዕለይ ይመጽእ።

## Education ትምህርቲ

- At what age did you start school in ………..?
  ትምህርቲ ኣብ ……… ኣብ ክንደይ ዓመት ጀሚርካ/ኪ?

- What time did school start in ……..?
  ትምህርቲ ኣብ …… ሰዓት ክንደይ ጀሚሩ?

- What time did school finish in …….?
  ትምህርቲ ኣብ …… ሰዓት ክንደይ ወዲኡ?

- What languages can you read and write?
  ከተንብቦ/ከተንብብዮ ከምኡውን ክትጽሕፎ/ክትጽሕፍዮ እትኽእሊ ቋንቋታት ኣየኖት እዮም?

- Did you learn any languages at school?
  ኣብ ቤት ትምህርቲ፡ ዝኾነ ቋንቋታት ተማሂርካ/ተማሂርኪ ነይርካ'ዶ/ነይርኪ'ዶ?

- Did you learn English at your school?
  እንግሊዝኛ፡ ኣብ ቤት ትምህርትኻ/ኺ ተማሂርካ'ዶ/ተማሂርኪ'ዶ?

- Which subjects did you like at school?
  ኣብ ቤት ትምህርቲ ክትምሃሮ/ክትምሃርዮ እትፈትዎ/እትፈትውዮ ዓይነት-ትምህርቲ እንታይ እዩ?

- Do you play any musical instruments?
  ዝኾነ መሳርሒታት ሙዚቃ ትጻወት'ዶ/ትጻወቲ'ዶ?

- Do you like sport?
  ስፖርት ትፈትው'ዶ/ትፈትዊ'ዶ?

- I started school when I was………
  ዕድመይ ……… ኣብ ዝነበረሉ እዋን ትምህርቲ ጀሚረ።

- School started at ………….
  ትምህርቲ፡ ኣብ ………… ይጅምር ነይሩ።

- School finished at ………….
  ትምህርቲ፡ ኣብ ………… ይውድእ ነይሩ።

- I can read…… and I can write in ………..
  ……… ከንብብ ይኽእልን ……… ክጽሕፍ ይኽእልን።

- I learnt the ………… language at school.
  ………… ኣብ ቤት ትምህርቲ ተማሂረ።

- Yes, I learnt English at school./No, I didn't learn English at school.
  እወ፡ እንግሊዝኛ ኣብ ቤት ትምህርቲ ተማሂረ እየ።/ ኣይፋል፡ እንግሊዝኛ ኣብ ቤት ትምህርቲ ኣይተማሃርኩን።

- My favourite subjects at school were…………..
  እቲ ኣብ ቤት ትምህርቲ ክመሃሮ ዝፈትዎ ዓይነታት-ትምህርቲ፡ ………… ነይሩ።

- I can play the ……………
  …………… ክጻወት ይኽእል እየ።

- Yes I like sport/No, I don't like sport.
  እወ፡ ስፖርት ይፈቱ እየ/ ኣይፋል፡ ስፖርት ኣይፈቱን እየ።

| | | | |
|---|---|---|---|
| maths | science | physics | biology |
| ቍጽሪ | ስነ-ፍልጠት | ፊዝክስ | ስነ-ህይወት |
| chemistry | geography | history | music |
| ስነ-ቕመም | ጂኦግራፊ | ስነ-ታሪኽ | ሙዚቃ |
| art | religion | sport | literature |
| ስነ-ጥበብ | ስነ-ሃይማኖት | ስፖርት | ስነ-ጽሑፍ |

## School Routines- ልሙድ ንጥፈታት ቤት ትምህርቲ

- School begins at………………and ends at…………………………
  ትምህርቲ፡ ኣብ ……………… ይጅምር፡ ኣብ ……………………… ድማ ይውድእ።

- Registration is at…………………………………………………….
  ምዝገባ፡ ኣብ ……………………………………………………… ይካየድ።

- The first lesson is at ………………………………………………
  እቲ ናይ ፈለማ ትምህርቲ፡ ኣብ ………………………………………………… ይካየድ።

- Morning break is at ……………………for……………minutes.
  ናይ ንግሆ ዕረፍቲ፡ ኣብ …………………… ን…………… ደቓይቕ እዩ።

- Lunch is at ……………………………….
  ምሳሕ፡ ኣብ ……………………………… እዩ።

- You can bring a packed lunch to school or have a school dinner.
  ምሳሕ ናብ ቤት ትምህርቲ ሒዝካ/ኪ ክትመጽእ/ክትመጺ ወይ ኣብ ቤት ትምህርቲ ንእተዳለወ ድራር ክትበልዕ/ዒ ትኽእል/ሊ ኢኻ/ኺ።

- A school dinner costs…………….
  ኣብ ቤት ትምህርቲ ዚዳሎ ድራር፡ …………… ዋጋ ኣለዎ።

- The meat here is not halal but there are lots of other things you can eat.
  እቲ ኣብዚ ዚቕረብ ስጋ፣ ሓላል እኳ እንተዘይኮነ፣ ክትበልዕዎ እትኽእሉ ኣዝዩ ብዙሕ ነገራት ግን ኣሎ።

- The first lesson in the afternoon is at ……………………………….
  እቲ ኣብ ድሕረ ቐትሪ ዚውሃብ ናይ ፈለማ ትምህርቲ፣ ኣብ ………………………………… ይውሃብ።

- PE (games lessons) will be on …………………… and ………………………………………………………………………………………
  PE (ትምህርቲ ገይማት/ጸወታ)፣ ኣብ …………………… ይውሃብ፣ ከምኡውን ኣብ ……………………………………………………………… ………………………… ይውሃብ።

- For PE, you will need to bring your PE kit to school.
  ንገይማት ዚምልከት፣ ንናውቲ ገይማት ናብ ቤት ትምህርቲ ሒዝካ/ኪ ክትመጽእ/ክትመጺ የድሊ።

| | | | |
|---|---|---|---|
| shorts<br>ሓጺር ስረ | t-shirt<br>ማልያ | trainers<br>መለማመዲ | tracksuit<br>መቀዳደሚ ክዳን |
| plimsolls<br>ጐማ ሳእኒ | football boots<br>ጫማ ኩዕሶ እግሪ | | towel<br>ሽጐማኒ |

- This is your time-table.
  **እዚ፡ እትኽተሎ/እትኽተልዮ ሰሌዳ-ግዜ እዩ።**

- The number of the room for each lesson is written on your time-table.
  **እቲ ነፍስወከፍ ትምህርቲ ዚውሃበሉ ቊጽሪ መምሃሪ ክፊል፡ ኣብቲ እተዋህበካ/ኪ ሰሌዳ-ግዜ ተጻሒፉ ይርከብ።**

- If you get lost, go to the school office. It's here on your map.
  **እቲ ቦታ እንተጠፊኡካ/ኪ፡ ናብ ቤት ጽሕፈት ቤት ትምህርቲ ኪድ/ኪዲ። ኣብቲ እትዋህበካ/ኪ ካርታ ድማ ተሓቢሩ ኣሎ።**

- Tomorrow is a non-pupil day, you do not come to school.
  **ጽባሕ፡ ተማሃራይ ዚምሃረሉ መዓልቲ ኣይኮነን፣ ስለዚ፡ ናብ ቤት ትምህርቲ ኣይትምጻእ/ኣይትምጻኢ።**

- There are three terms in the school year. Autumn, Spring and Summer.
  **ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ፡ ስለስተ ወቕታት ኣሎ። ንሱ ድማ ቀውዒ፡ ጽድያን ሓጋይን እዩ።**

## Asking for Help- ሓገዝ ምሕታት

- Where is the toilet?
  ዓይኒ-ምድሪ ኣበይ ይርከብ?

- Where is the library?
  ቤት ንባብ፡ ኣበይ ይርከብ?

- Where is the sports hall?
  ኣዳራሽ ስፖርት፡ ኣበይ ይርከብ?

- I am lost. Where is room........?
  ቦታ ጠፊኡኒ ኣሎ፣ ክፍሊ ...... ኣበይ ይርከብ?

- Can I borrow a pen, please?
  ብኽብረትካ/ኪ፡ ፒሮ ክልቃሕ ይኽእል'ዶ?

- I can't find my:
  ክረክብ ኣይከኣልኩን፥

| | | | |
|---|---|---|---|
| book<br>መጽሓፍ | pen<br>ፒሮ | pencil<br>ርሳስ | bag<br>ሳንጣ |
| time-table<br>ሰሌዳ-ግዜ | coat<br>ጁባ | PE bag<br>ሳንጣ መጻወቲ ገይም | money<br>ገንዘብ |
| buddy<br>ዓርኪ | watch<br>ሰዓት | pencil-case<br>መትሓዚ ርሳስ | lunch-box<br>ሳጹን ምሳሕ |

- I don't feel well.
  ጽቡቕ ኣይስምዓንን ኣሎ።

# Question Words- መሕተቲ ቃላት

- Where?
  ኣበይ?
- What?
  እንታይ?
- When?
  መዓስ?
- Who?
  መን?
- How?
  ከመይ?
- Which?
  ኣየናይ?
- Why?
  ንምንታይ?

## Using a Dictionary or the Internet- ኣጠቓቕማ መዝገበ-ቃላት ወይ ኢንተርነት

- Have you got a dictionary in your language and English dictionary?
  ብቛንቋኻ/ኺ እተዳለወ መዝገበ-ቃላትን ናይ እንግሊዝኛ መዝገበ-ቃላትን ኣለካ'ዶ/ኣለኪ'ዶ?

- Have you got a dual language dictionary at home?
  ኣብ ገዛኻ/ኺ፡ ብኽልተ ቛንቋ ዝተዳለወ መዝገበ-ቓላት ኣለካ'ዶ/ኣለኪ'ዶ?

- Bring your dictionary to school every day.
  መዝገበ-ቃላት፡ ኩሉ መዓልቲ ናብ ቤት ትምህርቲ ኣምጽእ/ኣምጽኢ።

- Have you got the Internet at home?
  ኣብ ገዛ፡ ኢንተርነት ኣለካ'ዶ/ኣለኪ'ዶ?

- You can use Google Translate on the Internet to help you. https://translate.google.co.uk/
  ንዓኻ/ኺ ንምሕጋዝ፡ ንGoogle Translate ኣብ ኢንተርነት ክትጥቀም/ሚ ይከኣል እዩ። https://translate.google.co.uk/

- Or you can use: Dictionary.com Translator, Bing Translator, Free Translation, Babelfish and Babylon on the Internet.
  ወይ ድማ ንDictionary.com Translator፣ Bing Translator፣ Free Translation፣ Babelfish ከምኡውን Babylon ኣብ ኢንተርነት ክትጥቀም/ሚ ትኽእል/ሊ ኢኻ/ኺ።

- This is a book for you to write useful English words in.
  እዚ፣ ኣገዳሲ ቃላት እንግሊዝኛ ንኽትጽሕፍ/ፊ ዝሕግዘካ/ኪ መጽሓፍ እዩ።

- Keep this book with you in class.
  ነዚ መጽሓፍ'ዚ፣ ናብ መምሃሪ ክፍሊ ምሳኻ/ኺ ሒዝካ/ኪ ምጻእ/ምጺ።

- Write the meanings of important English words in your first language in your book.
  ትርጉማት ኣገደስቲ ቃላት እንግሊዘኛ ብናትካ/ኪ ናይ ኣደ ቛንቋ ኣብ መጽሓፍካ/ኪ ጽሓፍ/ፊ።

- Begin to make lists of important English words for each of your subjects.
  ንነፍስወከፍ እትምሃሮ/እትምሃርዮ ዓይነታት ትምህርቲ ብዚምልከት ዝርዝር ኣገደስቲ ቃላት እንግሊዝኛ ኽተዳልው/ዊ ጀምር/ሪ።

- Do you know the English alphabet?
  ንፊደላት እንግሊዝኛ ትፈልጥ'ዶ/ትፈልጢ'ዶ?

- You can download a translation app for your phone from Google- https://play.google.com/store/apps/details?id=com.google.android.apps.translate&hl=en_GB
- ንተሌፎንካ/ኪ ዚኸውን ናይ ትርጉም ኣፕሊኬሽን ካብ ጉግል ኣውርድ/ዲ (ዳውንሎድ ግበር/ሪ) - https://play.google.com/store/apps/details?id=com.google.android.apps.translate&hl=en_GB

## Classroom Instructions- ኣብ መምሃሪ ክፍሊ እትኽተልዎ መምርሒታት

- Copy
  ቅዳሕ/ሒ
- Write
  ጽሓፍ/ፊ
- Read
  ኣንብብ/ቢ
- Draw
  ስኣል/ሊ
- Cut this out
  ብደገ ዘሎ ቅደዶ/ዲ
- Colour this in.
  ንውሽጢ ብሕብሪ ልኽዮ/ዩ።
- Underline
  መስመር ግበር/ሪ
- Put a tick
  ምልክት ግበር/ሪ
- Put a cross
  መስቀል ግበር/ሪ
- Put these in order

ነዚ፡ መስርዕ ኣትሕዝ/ዚ

- Line up
  ሪጋ ሕዝ/ሕዚ

- Clear up
  ኣጽርዮ/ዩ

- Stand up
  ጠጠው በል/በሊ

- Sit down
  ኮፍ በል/በሊ

- Show me
  ኣርእየኒ/ኣርእይኒ

- Use a pencil/pen
  ርሳስ/ፒሮ ተጠቐም/ሚ

- Put your hand up
  ኢድካ/ኪ ንላዕሊ ግበር/ሪ

- Get your book out
  መጽሓፍካ/ኪ ኣውጽእ/ኢ

- Put your book away
  ንመጽሓፍካ/ኪ እለዮ/እለዩዮ

- Write your name here.
  ንስምካ/ኪ ኣብዚ ጽሓፍ/ፊ።

- Draw a diagram and label it.
  ስእሊ ብምስኣል መለለዪ ሓበሬታ ግበረሉ/ግበርሉ።

- Write in English.
  ብእንግሊዝኛ ጽሓፍ/ፊ።

- Write in your first language
  ብኣደ ቋንቋኻ/ኺ ጽሓፍ/ፊ

- Use your dictionary and look up these words in your first language.
  ንመዝገበ-ቃላትካ/ኪ ብምጥቃም፥ ነዚ ቃላት'ዚ ብኣደ ቋንቋኻ/ኺ ርኤ/ርኣዩ።

- Be quiet
  ጸጥታ ግበር/ሪ

- Listen
  ስማዕ/ዒ

- Look at .....
  ን... ርኤ/ርኣዩ

- Do you understand? Yes/No
  ተረዲእካዮ'ዶ/ተረዲእክዮ'ዶ? እወ/ኣይፋል

**Homework- ዕዮ ገዛ**

- You will get homework every……….
  ኣብ ነፍስወከፍ ……… ዕዮ ገዛ ክውሃበካ/ኪ እዩ።

- Write down what you have to do for homework in your homework diary/planner.
  ክትሰርሖ/ክትሰርሕዮ ዘለካ/ኪ ዕዮ ገዛ እንታይ ምዃኑ ኣብ መዘኻኸሪ/ውጥን ዕዮ ገዛኻ/ኺ ጽሓፍ/ፊ።

- Copy this into your exercise book.
  ነዚ፣ ኣብ መምሃሪ ጥራዝካ/ኪ ቅድሓዮ/ቅድሕዮ።

- You have to give your homework in on…..
  ንዕዮ ገዛኻ/ኺ ኣብ … ከተረክብ/ቢ ኣለካ/ኪ።

- Do you understand what you have to do?
  እቲ ኽትሰርሖ/ክትሰርሕዮ ዘለካ/ኪ እንታይ ምዃኑ ተረዲኢካ'ዶ/ተረዲእኪ'ዶ?

- Can anyone at home help you with your homework?
  ንዝተዋህበካ/ኪ ዕዮ ገዛ ክሕግዘካ/ኪ ዝኽእል ሰብ ኣብ ገዛ ኣሎ'ዶ?

- I don't understand what I have to do for homework.

ንእተዋህበኒ ዕዮ ገዛ ብኸመይ ክሰርሖ ከምዘሎኒ ኣይተረዳእክዎን።

- There is no-one at home who can help me with my homework.
  ንእተዋህበኒ ዕዮ ገዛ ክሕግዘኒ ዝኽእል ዝኾነ ሰብ ኣብ ገዛ ብፍጹም የብለይን።

- I'm sorry. I couldn't do my homework because I didn't understand what I had to do.
  ይቕሬታ። እቲ ክሰርሖ ዘሎኒ እንታይ ምዃኑ ስለዘይተረድኣኒ፣ ንዕዮ ገዛይ ክሰርሖ ኣይከኣልኩን።

- I tried to do the homework but it was too hard.
  ንዕዮ ገዛ ክሰርሖ እኳ እንተፈተንክዎ፣ ኣዝዩ ከቢድ ነይሩ።

- I'm sorry. I forgot to bring my homework to school.
  ይቕሬታ። ንእተዋህበኒ ዕዮ ገዛ ናብ ቤት ትምህርቲ ኣየምጻእክዎን፣ ረሲዐዮ።

- When do we have to hand in our homework?
  ንዝተዋህበና ዕዮ ገዛ መዓስ ከነረክቦ ኣለና?

- I couldn't do my homework because I was ill.
  ሓሚመ ስለዝነበርኩ፣ ንዕዮ ገዛ ክሰርሕ ኣይከኣልኩን።

| | | |
|---|---|---|
| today<br>ሎም መዓልቲ | tomorrow<br>ጽባሕ | next week<br>ዝመጽእ ሰሙን |
| this week<br>ሎሚ ሰሙን | last week<br>ዝሓለፈ ሰሙን | this Friday<br>እዚ ዓርቢ'ዚ |
| next Friday<br>ዚቕጽል ዓርቢ | last Friday<br>ዝሓለፈ ዓርቢ | in two weeks' time<br>ኣብ ውሽጢ ክልተ ሳምንታት |
| morning<br>ንግሆ | afternoon<br>ድሕሪ ቀትሪ | yesterday<br>ትማሊ |
| Monday<br>ሰኑይ | Tuesday<br>ሰሉስ | Wednesday<br>ሮቡዕ |
| Thursday<br>ሓሙስ | Friday<br>ዓርቢ | after the holidays<br>ድሕሪ በዓላት |
| before the holidays<br>ቅድሚ በዓላት | | at the weekend<br>ኣብ ግዜ ቀዳመ-ሰንበት |

## School Trips and Visits- ጉዕዞታትን ምብጻሓትን ቤት ትምህርቲ

- This letter is about the school trip. Take the letter home. Show it to your mum/dad/aunt/uncle.
  እዚ ደብዳቤ’ዚ፣ ብዛዕባ ጉዕዞታት ቤት ትምህርቲ ዚምልከት እዩ። ነዚ ደብዳቤ’ዚ ድማ ናብ ገዛ ውሰዶ/ውሰድዮ። ንኣዴኺ/ኻ / ንኣቦኻ/ኺ / ንኣሞኻ/ኺ/ንሓትነኻ/ኺ/ንሰይቲ ኣኮኻ/ኺ/ንሰይቲ ሓወቦኻ/ኺ/ ንሓወቦኻ/ኺ / ንኣኮኻ/ኺ/ ንሰብኣይ ኣሞኻ/ኺ/ ንሰብኣይ ሓትነኻ/ኺ ኣርእዮ/ኣርእይዮ።

- Ask your mum/dad/aunt/uncle to sign the letter to say that you can go on the trip. Bring the letter back to school and give the letter to your teacher.
  ናብቲ ጉዕዞ ኽትከይድ/ኽትከዲ ከምእትኽእል/ሊ ንምሕባር ድማ ኣዴኺ/ኻ / ኣቦኻ/ኺ / ኣሞኻ/ኺ/ሓትነኻ/ኺ/ሰይቲ ኣኮኻ/ኺ/ሰይቲ ሓወቦኻ/ኺ/  ሓወቦኻ/ኺ / ኣኮኻ/ኺ/ ሰብኣይ ኣሞኻ/ኺ/ ሰብኣይ ሓትነኻ/ኺ ኣብዚ ደብዳቤ ንኽፍርሙ ሕተት/ቲ። ነዚ ደብዳቤ’ዚ ድማ ናብ ቤት ትምህርቲ ብምምጻእ፣ ንመምህርካ/ኪ ሃቦ/ቢ።

- You will not be able to go on the trip unless your parent or aunt/uncle signs the letter.
  ወለድኻ/ኺ ወይ / ኣሞኻ/ኺ/ሓትነኻ/ኺ/ሰይቲ ኣኮኻ/ኺ/ሰይቲ ሓወቦኻ/ኺ/  ሓወቦኻ/ኺ / ኣኮኻ/ኺ/ ሰብኣይ ኣሞኻ/ኺ/ ሰብኣይ ሓትነኻ/ኺ ኣብዚ ደብዳቤ ዝፈረሙ እንተዘይኮይኑ፣ ናብዚ ጉዕዞ ንኽትከይድ/ዲ ኣይትኽእልን ኢኻ/ኢኺ።

- Your class will be going on a school trip on…………
  እቲ ትምህርቲ ድማ ኣብቲ ብቤት ትምህርቲ እተዳዕዝካዮ/እተዳዓዝክዮ ቦታ ኣብ ………… ኺካየድ እዩ።

- You will travel by coach/minibus/train.
  ብኣውቶቡስ/ሚኒባስ/ባቡር ኽትጉዓዝ/ዚ ኢኻ/ኢኺ።

- You will leave school at ……and come back at …………….
  ካብ ቤት ትምህርቲ …… ብምንቃል፣ ሰዓት ………… ክትምለስ/ሲ ኢኻ/ኺ።

- You must be in school by ……..
  ሰዓት …… ኣብ ቤት ትምህርቲ ክትርከብ/ቢ ኣለካ/ኪ።

- You will need to bring a packed lunch for the school trip.
  ምግቢ ድማ ብቤት ትምህርቲ ናብ ዚግበር ጉዕዞ ሒዝካ/ኪ ኪትመጽእ/ክትመጺ የድሊ።

- Bring a: raincoat/ jacket/umbrella/sensible shoes
  በጃ ዝናብ/ ጃኬት/ጽላል/ቅቡል ሳእኒ ሒዝካ/ኪ ኣምጽእ/ኢ።

- You can take some money with you to spend. You can take………
  ንኽትዕድገሉ/ንኽትዕድግሉ፣ ገለ ገንዘብ ምሳኻ/ኺ ሒዝካ/ኪ ክትመጽእ/ክትመጺ ትኽእል/ሊ ኢኻ/ኺ። ……… ድማ ምሳኻ ክትማላእ/ክትማልኢ ትኽእል/ሊ ኢኻ/ኺ።

- The trip is to:
  እቲ ጉዕዞ፣ ናብ………… እዩ።
- You must wear your school uniform for the trip (but you can wear trainers.
  ናብቲ ጉዕዞ ኣብ እትመጸሉ/እትመጽሉ እዋን ንድቪዛ ቤት ትምህርቲ ክትክደን/ኒ ኣለካ/ኪ (ጐማ ሳእኒ ኽትክደን/ኒ ትኽእል/ሊ ኢኻ/ኺ)።

- You can wear your own clothes for the trip.
  ናብቲ ጉዕዞ ድማ ናትካ/ኪ ክዳን ኽትክደን/ኒ ትኽእል/ሊ ኢኻ/ኺ።

a science museum
ቤተ-መዘክር ስነ-ፍልጠት

an exhibition
ምርኢት

the theatre
ትያትር

a history museum
ቤተ-መዘክር ስነ-ታሪኽ

a country park
መናፈሻ ሃገር

a wildlife park
መናፈሻ እንስሳ ዘገዳም

a mosque
መስጊድ

a historical site
ታሪኻዊ ቦታ

a zoo
መካነ እንስሳ

an aquarium
ኣኳርዩም

an art gallery
ኣዳራሽ ስነ-ጥበብ

the seaside
ገምገም ባሕሪ

a castle
ግምቢ

a town/village
ሓውሲ ከተማ/ዓዲ

a nature reserve
መዐቀቢ ተፈጥሮ

a church
ቤተ ክርስትያን

a hindu temple
መቕደስ ሂንዱ

a sports stadium
ስታድዮም ስፖርት

botanical gardens
ጀራዲን ኣትክልቲ

a farm
ሕርሻ

## School Holidays- በዓላት ቤት ትምህርቲ

- Term starts on ……………………………………
  ትምህርታዊ ሰመስተር፡ ኣብ ………………………………………
  ይጅምር።

- Term finishes on …………………………………
  ትምህርታዊ ሰመስተር፡ ኣብ …………………………………
  ይውድእ።

- There are school holidays at the end of each term.
  ኣብ መወዳእታ ነፍስወከፍ ትምህርታዊ ሰመስተር፡ ዕረፍቲ ቤት ትምህርቲ ይውሃብ እዩ።

- Next week is half term. School will be closed.
  እቲ ዝቕጽል ሰሙን፡ ፍርቂ-ዓመታዊ ሰሚስተር እዩ። ቤት ትምህርቲ ድማ ዕጹው ኪኸውን እዩ።

- School will start again on ……………………………………
  ትምህርቲ፡ ዕለት ……………………………………… ደጊሙ ኪጅምር እዩ።

- Tomorrow the school will be closed.
  ጽባሕ፡ ቤት ትምህርቲ ዕጹው ኪኸውን እዩ።

- ………..is non-pupil day. Only teachers come to school on that day.
  ………፡ ተማሃሮ ዘይምሃርሉ መዓልቲ እዩ። ኣብቲ መዓልቲ’ቲ ድማ መምሃራን ጥራይ ናብ ቤት ትምህርቲ ይመጹ።

- …………………is non-uniform day. You do not have to wear your school uniform on that day.
  …………………፡ ድቪዛ ዘይክደነሉ መዓልቲ እዩ። ኣብቲ መዓልቲ’ቲ ድማ ድቪዛ ትምህርቲ ኽትክደን/ኒ ኣየድልን እዩ።

| | |
|---|---|
| Autumn Term<br>ናይ ቀውዒ ትምህርታዊ ሰመስተር | Spring Term<br>ናይ ጽድያ ትምህርታዊ ሰመስተር |
| Summer Term<br>ናይ ሓጋይ ትምህርታዊ ሰመስተር | Christmas holidays<br>ዕረፍቲ ክሪስማስ/ልደት |
| Easter holidays<br>ዕረፍቲ ፋሲካ | Summer holidays<br>ዕረፍቲ ሓጋይ |
| non-pupil day<br>ተማሃሮ ዘይምሃርሉ መዓልቲ | non-uniform day<br>ድቪዛ ዘይክደነሉ መዓልቲ |
| Public holiday<br>ህዝባዊ በዓል | |

**Feelings- ስምዒታት**

How do you feel?
ከመይ ይስምዓካ/ኪ ኣሎ?

I feel:
ከምዚ ይስምዓኒ፥

| | | | | |
|---|---|---|---|---|
| happy<br>ሓጎስ | sad<br>ሓዘን | angry<br>ሕርቃን | | confused<br>ምድንጋር |
| lonely<br>ብሕትውና | tired<br>ድኻም | home-sick<br>ናፍቆት ገዛ | | upset<br>ረበሻ |
| okay<br>ጽቡቕ | hungry<br>ጥሜት | thirsty<br>ጽምኣት | | cold<br>ዛሕሊ |
| hot<br>ዋዒ | shy<br>ሕፍረት | confident<br>ርግጸኝነት | ill<br>ሕማም | good<br>ጥዕና |

- I like/I don't like.................................
  .......................................... ይፈቱ/ ኣይፈቱን።

- I want to go home.
  ናብ ገዛ ክኸይድ ይደሊ።

- I want to call my mum/dad/aunt/uncle, please.
  **ብኽብረትኩም ንኣደይ/ ኣቦይ/ ኣሞይ/ሓትነይ/ሰይቲ ኣኮይ/ሰይቲ ሓወቦይ ተሌፎን ኪድውል ይደሊ።**

- Someone is being nasty to me.
  **ብሕማቕ ዝቐርበኒ ሰብ ኣሎ።**

- Someone is making fun of me.
  **ዝላገጸለይ ሰብ ኣሎ።**

- I want to go to the toilet.
  **ናብ ዓይኒ-ምድሪ ኪኸይድ ይደሊ።**

- I've got a headache.
  **ሕማም ርእሲ ኣሎኒ።**

- I feel sick.
  **ሕማም ይሰምዓኒ ኣሎ።**

- I've got toothache.
  **ቃንዛ ስኒ ኣሎኒ።**

- I feel better now.
  **ኣብዚ እዋን'ዚ ይሕሸኒ ኣሎ።**

I've hurt my;
ነዚ ክፍሊ-ኣካላይ ጕዲኤዮ ኣለኹ፥

| | | |
|---|---|---|
| foot<br>ታሕተዋይ እግሪ | arm<br>ምናት | leg<br>እግሪ |
| hand<br>ኢድ | head<br>ርእሲ | back<br>ሕቖ |
| finger<br>ኣጻብዕ | knee<br>ብርኪ እግሪ | ankle<br>ዓንካር-ዓንካሪቶ |
| nose<br>ኣፍንጫ | ear<br>እዝኒ | eye<br>ዓይኒ |

**Websites for Learning English- እንግሊዝኛ እትምሃርሉ መርበባት-ሓበሬታ**

- British Council for young children:
  http://learnenglishkids.britishcouncil.org/en/
  ንንኣሽቱ ቆልዑ ዜገልግል ብሪቲሽ ካውንስል፥
  http://learnenglishkids.britishcouncil.org/en/

- British Council for teenagers:
  http://learnenglishteens.britishcouncil.org/
  ንዝጉብዙ ዘለዎ መንእሰያት ዜገልግል ብሪቲሽ ካውንስል፥

http://learnenglishteens.britishcouncil.org/

- British Council magazine:
  http://learnenglishteens.britishcouncil.org/magazine
  መጽሔት ብሪቲሽ ካውንስል፥
  http://learnenglishteens.britishcouncil.org/magazine

- BBC- Learning English
  http://www.bbc.co.uk/learningenglish/
  BBC- ትምህርቲ እንግሊዝኛ
  http://www.bbc.co.uk/learningenglish/

- Learn English
  http://www.learn-english-today.com/
  እንግሊዝኛ ተማሃሩ
  http://www.learn-english-today.com/

- English Banana
  http://m.englishbanana.com/
  English Banana
  http://m.englishbanana.com/

- On Stop English
  http://www.onestopenglish.com/
  On Stop English
  http://www.onestopenglish.com/

- Many things
  http://www.manythings.org/
  Many things
  http://www.manythings.org/

- Activities
  http://a4esl.org/
  ትምህርታዊ ንጥፈታት
  http://a4esl.org/

**Add your own useful phrases here- ንዓኻ/ኺ ኣገደስቲ ዝኾኑ ሓረግ-ቃላት ኣብዚ ኣእቱ/ኣእትዊ**

________________________________________